# ናብ ሓባር መግለጺ ብዛዕባ ስርሒታት

# ብ"ብርጌድ ንሓመዱ" ዝተፈጸሙ ቅያታት!

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይና ድማ ብፍላይ ኣብታ 'ኩልንተናይ ንዓኺ' ኢሉ ዝዝምረላ ጥራሕ ዘይኮነስ ብግብሪ ኩሉንተንኡ ዝሃበላ ሃገር፡ ብሰላም ክነብር ስለ ዘይከኣለ፡ ሃጽ ኢሉ ክጠፍእን ዕድሉ ኣብ ዝሃቦን እግሩ ኣብ ዝመርሖን ይጠፍእ ኣሎ። እዚ ኩሉ ጫካ፡ ምድረበዳ፡ ባሕርን ምስ ኩሉ ዘጋጥመ ጸገማት ሓሊፉ እፎይታ ኣብ ዝረኽበሉ ሃገር ምስ ኣተወ፣ እቶም ካብ ሃገሩ ንኽወጽእ ዝደፍእዎ ሹማምንቲ ህግደፍ ኣብቲ መንእሰያትና ዝተሰደደሉ ሃገር መጺኦም ነተን ኣብ ስደት ጽዒሮም ርሂጾም ዝረኸብወን ሰናቲም ከኣርዩ ከመጹ ከለዉ ብጣቕዒት ዝቕበል ህዝቢ እናረኣና ነዊሕ ዓመታት እቍጺርና ኢና። ድሕሪ ሕጂ ዕንደራ ህግደፍ ኣብቂዑ። እንተወሓደ ኣብ ዓዲ ደሞክራሲ ዲክታቶርያውያን ዝሸማቐቑሉ ደኣ እምበር ሸናዕ ዝብልሉ ክኸውን ኣይግባእን።

እዚ ከም መበገሲ ሓሳብ ብምግባር፡ ኣብ ዝሓለፉ ሳምንታት ዘጋጠመ ቀራጽ ናይ መንእሰያትና ኣደብ ናይ ምትሓዝ ዝተፈጸሙ ንጥፈታት ብኹርዓት ከነስተውዕለሎም ጸኒሕና። ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ምዕራባውያን ኣብ ሆላንድ፡ ሃገረ ጀርመን፡ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ስዊድን፡ ሲያትል (ሕ.መ.ኣ)፡ ካናዳ ብጀጋኑ መንእሰያትና ዝተገብሩ ቃልስታት ንህግደፋዊ ዕንደራ ዘበርዓን ናይ ሳልስቲ ዓወት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ገባቲ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብሕፍረት ወጮ ንኽኽደን ዘኽኣሉ ፍጻሜታት'ዮም። ስለ ዝኾነ ከኣ እቶም ኣብኡ ብኣካል ዝተሳተፍኩም፡ ብሞራል ምሃብን ምትብባዕን ብሩሑቕ ዘስነቕኩም፡ ከምኡ'ውን ብፋይናንስ ዘተባባዕኩም ኣብዞም ዕዉታት መስርሓት ብምስታፍኩም ወላኳ ግቡእኩም እንተኾነ ልዑል ምስጋና ይግብኣኩም'ዩ ክንብል ደስእናበለና እዩ።

ንልዕሊ ሰላሳ ነዋሕቲ ዓመታት ርእስና ከነድንን ዝገበረና ጭቕና ህግደፍ፡ ደረት ክግበረሉ ኣለዎ ኢልኩም ክሳድኩም ኣቕኒዕኩም፡ ኣፍ ልብኹም ነፊሕኩም፡ **ይኣክል** ብምባልኩም ሕቡናት ኢና። ብርግጽ እዚ ዓወት እዚ ናይ ምንቅስቓስኩም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዓወት'ዩ። ብዓቢኡ ድማ ስርዓት ተቐይሩ ሕግን ስርዓትን ምስ ተተኽለ ዋና ተጠቃሚ ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ህዝብና'ዩ። ኣይተረደኣምን ደኣ እምበር ወላ እቶም ኣብዚ እዋንዚ ደገፍቲ ህግደፍ ዘለዉ ዜጋታትና ከይተረፈ ተጠቕምቲ ናይዚ ቃልሲ እዚ እዮም። ህግደፍ ሕግን ስርዓትን ኢሉ ዝኽተሎ ናይ ህዝቢ ዘይኮነስ ናይ ውሑዳት ምልካውያን ገበትቲ ረብሓን ጥቕምን ዝሕሉ ጥራሕ እዩ ዝኽተል። ብዝተኻኣለ መጠን ንውሑዳት ኣገልገልቱ ብጥቕሚ ንዝበዝሑ ደገፍቱ ድማ ብምድንጋርን ናይ ሓሶት ትረኻታትን ምኽንያታትን ተጠቒሙ ክሳብ ዕለተ-ሞቱ ደገፍቲ ክረክብ ይጽዕር እዩ።

እቲ ቀንዲ መልእኽትና እምበኣር፡ ንዝተራኣየ ወኒ ዝመልአ ቃልስን ዓወትን ኩሎም ደለይቲ ፍትሕን ለውጥን መንእሰያትና ብሓበራ፡ ዮሃና ንምባል ኮይኑ ኣብ'ቶም ቀጺልና እነካይዶም ተመሳሳሊ ቃልስታት ብዝበለጸ ውደባን ንጹር መደባትን ሓላፍነትን ተሓታትነትን ብዘለዎ መልክዕ ዕዉታት ክንከውን ዘለና ምንዮትን ንምግላጽዩ። ኣብ ዝኾነ ዝወዓልናዮ ጸረ-ህግደፍ ስርሒታት፡ ነቲ ዝቕጽል ስንቅን ሞራልን ዝህብ ክኸውን፡ እቶም ኣብ ኸምዚ ዝበለ ስርሒታት ዝወዓሉ ጀጋኑ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ድማ ብዝበለጸ ተዓጢቖም ዝያዳ ዓወታት ከጓናጽፉ ሓይሎምን ሰሲኖምን ክቕጽሉ እምበር ኣብ ማእሰርቲ ተሓይሮም ጎዲሎሙና ክውዕሉ ዘግብር ስራሕ ክንሰርሕ ኣይግቡእን። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ተታሊሉ ዳስ ህግደፍ ከማዕርግ ዝውዕል የዋህ ኤርትራዊ ዉሑድ ኣይኮነን እሞ ተመኺሩ፡ ተማሂሩ ኣብ ደንበ ፍትሕን ለውጥን ክዓስል ዝኽእል ዜጋ ብዙሕ ከህሉ ከም ዝኽእል ኣሚንና ቃልስና ንዕኡ ንምኽሳብ እውን ዝዓለመ መታን ክኸውን ናይ ቃልሲ ሜላታትና ከነማዕብል ከም ዘለና በዚ ኣጋጣሚ እዚ ክንገልጽ ንደሊ።

ብዝተረፈ በቲ ሓደ ንውድቀት ስርዓት ህግደፍ፡ በቲ ካልእ ድማ ንዓወት ጭቁን ህዝብና ክረጋገጽ፣ ምስ ኩሎም ኣህዛብ ጎረባብትናን ድማ ኣብ ክንዲ ውግእ ሰላም ንኽነግስ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ወትሩ ኣብ ጎድንኹም ምህላውና በዚ ኣጋጣሚ ክንገልጽ ንደሊ።

ዓወት ንጭቁን ህዝቢ ኤርትራ

**ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ)**
**መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (መግሃድኤ)**

**22 ነሓሰ 2023**